
# ምዕራፍ 6



# ነጥብታት፣ መስመራትን ቅርፅታትን


## 6.1 መስመሪ ብምጥቃም መስመር ምሕንፃፅ

### 6.1.1 ድግማ ነጥብን መስመርን

**ንጥፈት 1**


ብጫፍ እርሳስ ኣብ ደፍተርኩም ትኽሉ።

➢ እትረኽብዎም ነጥብታት ብዝደለኹምዎ ፊደል ሰይሙ።





**መልመዲ 1**

1. ሕድሕድ ነጥቢ ብመስመር ብምርኻብ ኣብ ጎኒ ዝተውሃበ ፊደል ኣብ ደፍተርኩም ስርሑ።



2. ኣብ ታሕቲ ነጥብታት ተዋሂቦም ኣለዉ፡፡ ሕድ ሕድ ክልተ ነጥቢ ብመስመሪ እናራኸብኩም ኣብ ደፍተርኩም ስርሑ፡፡

ሀ. ለ. ሐ.





3. ኣብ ቁፅሪ 2 (ሀ፣ ለ ን ሐን) ዝተውሃቡ ነጥብታት ብምርኻብ ክንደይ መስመራት ሰሪሕኹም?

### 6.1.2 ርክብ ነጥብን መስመርን

ኣብነት 1

ነዚ ዝስዕብ ቅኑዕ መስመር 'ቀ' ረኣዩ።





- ነጥብታት ሀ፣ ለ፣ መ፣ ሰን ረን ኣብቲ ቅኑዕ መስመር 'ቀ' እዮም ዝርከቡ፡፡
- ቅኑዕ መስመር 'ቀ' ብነጥብታት ሀ፣ ለ፣ መ፣ ሰን ረን ይሓልፍ፡፡
- ነጥቢ 'ለ' ኣብ መንጎ ነጥብታት 'ሀ' ን 'መ' ን ይርከብ።

## መልመዲ 2

ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

**1.**





ሀ. _____ ፣_____ ፣_____ ፣_____ ን ____ ን ኣብ ቅኑዕ መስመር ‘ቸ’ ዝርከቡ ነጥብታት እዮም፡፡

ለ. ቅኑዕ መስመር ‘ቸ’ ብነጥብታት _____ ፣_____ ፣_____ ፣_____ ን _____ ን ይሓልፍ፡፡

ሐ. ነጥቢ ሸ ኣብ መንጎ ነጥብታት _____ን _____ን ይርከብ፡፡

መ. ነጥቢ ተ ካብ ቅኑዕ መስመር ቸ ብላዕሊ ገፅ ይርከብ፡፡ ነጥቢ መ ድማ ካብ ቅኑዕ መስመር ቸ ብ_______ ገፅ ይርከብ፡፡

**2.**




ሀ. _____፣_____፣_____ ን _____ ን ኣብ ቅኑዕ መስመር አ ዝርከቡ ነጥብታት እዮም፡፡

ለ. ቅኑዕ መስመር አ ብነጥብታት ____፣____፣____ን ____ን ይሓልፍ፡፡


ሐ. ነጥቢ ‘ለ’ ኣብ መንጎ ነጥብታት _____ን _____ን ይርከብ፡፡

መ. ነጥብታት_____ን _____ን ኣብ መንጎ ነጥብታት ሀን ሰን ይርከቡ፡፡

## 6.1.3 ርክብ ቅኑዕ መስመራት

ኣብነት 2

ነዞም ዝስዕቡ ክልተ ቅኑዕ መስመራት 'ቸ'ን 'ሸ'ን ርኣዩ፡፡





ክልቲኦም ቅኑዕ መስመራት ኣብ ነጥቢ 'ወ' ይራኸቡ፡፡ ስለዚ 'ወ' መራኸቢ ነጥቢ መስመራት 'ቸ'ን 'ሸ'ን ይበሃል፡፡

**ንጥፈት 2**


ንሕድ ሕድ ነጥብታት ዘራኽቡ ቅኑዕ መስመራት ስርሑ፡፡

ሀ. ለ. ሐ.





## 6.2 ሬክታንግል፣ ትርብዒት፣ ስሉስ ኩርናዕን ክብን


ኣብነት 1 ነዞም ዝስዕቡ ምስልታት ኣስተውዕሉ፡፡




ትርብዒት (ሀለሐመ)




ሬክታንግል (ሰረሸቀ)




ስሉስ ኩርናዕ (ሀለሐ)

MoE Ethiopia
Not to be published

## መልመዲ 3


ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ

**1.** ሀ. ንውሓት ጎኑ 8 ሳ.ሜ ዝኾነ ትርብዒት ስኣሉ።

ለ. ንውሓት ጎንታቱ 5 ሳ.ሜን 7 ሳ.ሜ ን ዝኾነ ሬክታንግል ስኣሉ።


ሐ. ንውሓት ጎንታት ሓደ ስሉስ ኩርናዕ ዓቅኑ።

**2.** ነዞም ዝስዕቡ ምስልታት ስኣሉ። ስሞም እውን ግለፁ።




**3.** ንውሓት ጎንታት እቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ምስልታት ዓቅኑ።

**4.** ሀ. ኣብዚ ምስሊ ዘለዉ ስሉስ ኩርናዓት ሰይሙ፡፡




ኣብነት፡- ስሉስ ኩርናዕ ሀረሰ

ስሉስ ኩርናዕ _____፣_____፣_____፣_____፣____


ለ. እቶም ብሕብሪ ዝተለኸዩ ስሉስ ኩርናዕ _____ን _____ እዮም፡፡

**5.** ሳንቲም፣ ፈትሊ፣ ቅርፂ ክቢ ዘለዎም ነገራት ብምጥቃም ክቢ ሰኣሉ።

## 6.3 ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ቅርፅታት

### ንጥፈት 3

1. ኣብዚ ምስሊ መንበሪ ገዛ ዘለዉ ቅርፅታት ሬክታንግል፣ ትርብዒት፣ ስሉስ ኩርናዕን ክብን ዘርዝሩ።




### መልመዲ 4

1. ኣብ መምሃሪ ክፍልኹም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ምስልታት ዘርዝሩ።
2. ኣብ መምሃሪ ክፍልኹም ክንደይ ሬክታንግላት ኣለዉ?
3. ኣብ ሜዳ መፃወቲ ኩዕሶ እግሪ ክንደይ ሬክታንግል፣ ትርብዒትን ክቢን ኣለዉ?